# ም'ከዳዕ ማዳ ሃገር !

ክም ኩለን ሃገራት ኣምላኽ ፋጢሩኒ
ኣበዛ ዓለምና ንኽነብር ቦታ ተዋሂቡኒ ፡

ብፍቐሪ ክነብር ምስ ጎረባብተይ
ንምዕብልና ዝግስግስ ጻዕራም ህዝበይ
ናተይ ኣጆኒዬ ከይጠመትኩ እንዳኣማተይ
ዕድላት እናሃደመኒ በሰነኪ ስሱዓት ጎረባብተይ

ብጽሒቶም ገዲፎም እንዳ ጠመቱ ንናተይ
ክም መንጉዳ ሓቢጦም ኣብዝባነይ
ንምዕባለ ከይምርሽ ሓሊኾሞ እግረይ
ሳላ መስዋእቲ ደቀይ ግን ጨቢጦዮ ሓርነተይ

ካብ ሓለንጊ መግዛእቲ ኣገላጊሎምኒ
በሰላይ ኣሕዋዮም ግምጃ ክስልሙኒ
ብመስዋእቶም ኣብ ወርቂ መምበር ዘቐመጡኒ
ድባበይ እንተብልክዎም ብጀክኦም መንደኣሎኒ

ድሕሪ መሪር ቃልሲ ዝሓለፈ ጸበባ
ሽሻይ ክቐዳሕ ክሕለብ ምዓረ-ጸባ
ታንክታት ተወጊነን ትራክተራት ክሕምበባ
ዓዲ ሕውነት ክኸውን ዓዲ ሰላም መርሓባ
ሓድነት ህዝበይ ተርኒዑ መጸኢ ወለዶ ክርከባ

ንፋስ እሰዶ በልና እምበር ዝሓለፈ በደል
ሓቢርና ክንሰርሕ ህዝብና ብርሃን ክዕደል
ናይ ሓባር ጸላኢና ምስ ጸደፈ በቲ ገደል
መንከ ክግምቶ ክሓልሞ ንክፍኣት ተንኮል

ለካኸይኑ ወዲድሙስ ነይሓድግ ገብረእሙ
ብናይ ሰላም ጭርሖ ዘይትኣደነ ክፍኣት ኣሊሙ
እንተነበረ ክንህሉ ያኢ እቲ ፕሮግራሙ
ልቡ ዝነቐጸ ፍቕሪ ኣልቦ ባዲሙ
ዳነኬራ ኩናት ዝሃርም ንሰላም ትሓሪሙ

ብናይ ማሕጎዳ ሓሶት ዝተጸገኑ
ብሪሞት ዝንቀሳቐሱ ዓሳኽሩ
ብሳንቡእ ማለሊት ዘስተንፍሱ ቲቢ ዝሓመሙ
ምብርባር ዝሓረሞም ንሓንሳብ ምስደቀሱ

ቀደም ዝቐበርናዮም ዝተረስዑ
ናይ ማርያም ግቢ ሰምበል ምዓጹ
ኮስቲሮም ወላዊሎም ኣጎዛ ዘንጽፉ

ዝነበረ በሰላ ብጀጋኑ ዝተደበሱ
ብሸየጥቲ ሃገር ከድዓት ክድምሰሱ ?

ክብረትካ ሸጥካ ንሃገርካ ምኽዳዕ
እንታይ ኣምጽኦ ኣኢዚ ኩሉ ቀልባዕባዕ
ኣብ ክንዲ ንሽሻይ ሃገር ምልማዕ
ዝባንካ ቀሊዕካ ንኣባይ ምልምማጽ

ኣፍ ናይፊት እነቶ ዓጸና ክትራ ዝኸፍቱ
ክትራ እንቶዓጸና ሰርወ ዝብትኑ
ዓንዲ ማእከል ምሕዮም መስከቦም ዘዕንዉ
ቁሩብ ዝቕራቦ ንደገ ዝተበተኑ

ሓሳዊት ዓለም ትሓስብ ማንታማንታ
ንሓቂ ኳዕጺጻ ንጥቕሚ ተቐኒታ
ምስ ዝውንጅሉ ከይሓፈረት ተጎራቢታ

ንዝተወጽዑ ከይገበረት ቆላሕታ
ደባተይ ተወሪሮም ኣጽቂጣ ደቂሳ
ህዝበይ ተበታቲኑ ኣደልዲላ መተርኣሳ

መሲሉዋ እመበር እዛ መዳለዊት ዓለም
ክብረይ ዝወነንኩ ብጽንዓተይ ካብ ቀደም
መሲልዋ እምበር እዛ መዳለዊት ዓለም
ናጽነተይ ዝጨበጥኩ ብቀይሕ ደም

ናጽነተይ ጨቢጠ ልዑላውነተይ ከውሕስ
ካብ ገድሊ ናብ ግድል ካብ ቃልሲ ናብ ቅልስ
ዝነቐጸ ከተርክስ ዝባደመ ክሓድስ
ተጸባዪ ረዲኤት ከይከውን ኣብ ነብሰይ ክምርኮስ
ነዝእውን ክምሓጥያት ጸብጺባቶ እዛ ዓለም
ሕልክስክስ

ደይ ቀደምሲ ብጽንዓተይ ዝሰወድኩ
ሳላ ጻዕራም ህዝበይ ዘውዲ ሓርነት ዝደፋእኩ
ካብ ጸበባ ተገላጊለ ኣብ ረህዋ ዝሓምበስኩ
ካብዛ ዓለም እሞ ክሕደት እየ ዝተዓዘብኩ

ሕጂ እውን ኣለኹ ምህላወይ ክነብር
ምንባረይ ሕድሪ ጀጋኑ ክትርኽ ክነግር
ካብ ወለዶ ንወለዶ ከምሓረግ ከሰጋግር
ወይልኡ ንዶባተይ ዝጥምት ዝሰግር

ሓድነት ሕዝበይ መሊሱ እዩ ዝድልድል
ኣብ ጽንኩር ኩነት ተሳሒሉ ዝስሓል
ንዘንተ ዕለት ብጽንዓት ህዝበይ እየ ዝነብር
ንዘንተ ዕለት ብጽንዓት ህዝበይ እየ ዝነብር

ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ሰማዕታትና

ዓ ወ ት  ን ሓ ፋ ሽ

ብመድሃኔ ተስፋኣለም